ቤት ፍረዲ ወረዳ ቆላ ተምቤን ንናይ ቤት ፍረዲ ሰራሕቲ መሳለጢ ዝውዕል ፈርኒቸር ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ክገዝእ ወይ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 13, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 28, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ቆላ ተምቤን
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 29, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ካልኦት ዓይነት ፈርኒቸር/

ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ዝሳተፉ በዚ ስዒቡ ዝተዘርዘረ ረቋሒ ከማልእ ኣለዎ።

1 አብቲ ጨረታ ሕጋውያን ነጋዶ ዝተጠቐሰ ሞዴል/ Specification/ ድማ ምስራዝ ኣይካኣልን

2 ናይዚ ዓመት 2011 ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰን ግበሪ ሙሉእ ዝከፈለን

3 ንሐደ ደኩመንት ዘይምለሰ ብር 50.00 /ሓምሳ ብር/ ከፊሉ እቲ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤ/ ፅሕፈትና ወረዳ ቆላ ተምቤን ቤት ፍርዲ ክፍሊት ብምክፋል ክወዳደር ዝደሊ

4 ተገዚኡ ዝመፀእ ንብረት ኦርጅናል(ትክክለኛ) ምኻኑ ሓላፍነቱ ወሲዱ ዘቅርብ

5 ንመኽበሪ ጨረታ ዝኽዉን ብር 3000.00/ ሰለስተ ሽሕ ብር/ ብ CPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ከትሕዝ ዝክእል ::

6 እዚ ጨረታ ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለዎ ይኽፈት በቲ ዝተባሃለ እዋንን ቦታን እንድሕር ዘይተረኺቡ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብዘይለዉሉ ዝኽፈት ምኻኑ::

7 እቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ይኹን ፖስታ ናይ በዓል ዋና ሕጋዊ ማሕተምን ፊርማን ክህልዎ አለዎ

8 እዚ ጨረታ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኦርጅናል ኮፒን ነንበይኑ አተሓሒዙ ናብ ዝተዳለወ ሳፁን ክኣትዉ አለዎ

9 ቫት ዝተመዝገበን TIN Number ምዝገባ ዘለዎ መቅረባይነት መረዳእታ ዘለዎን እዋናዊ ዲክለረሽን ከቅርበ ዝክእል

10 እዚ ሰነድ ዝሸወጠሉ እዋን ካብ ዕለት 12/03/2011 ዓ/ም ክሳብ 19/03/2011 ዓ/ም ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ቆላ ተምቤን

11 እዚ ጨረታ ዝክፈተሉ ቤት ፍረዲ ወረዳ ቆላ ተምቤን ዕለት 28/03/2011 ዓ/ም ኮይኑ በዚ ዕለት ድማ እቲ ጨረታ ዝዕሸገሉ ሰዓት 8:30 እቲ ጨረታ ዝክፈተሉ ሰዓት 9:00 ይኸዉን።

12 ኣብዚ ጨረታ ቅሬታ ዘለኩም ሰዓራይ ካብ ዝተነፀረሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 3ተ ናይ ስራሐ መዓልታት ቅሬታኹም ክተቅርቡ ከምትኽእሉ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ሰዓራይ ኣብ ውሸጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልታት ውዕሊ ኣሲሩ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያን መፅዓንን መራገፊን ናብ ቤት ፍርዲ ወ/ቆ/ተምቤን ኣኣታዊ ክገብር ዝኽእል

14 እቲ ብጨረታ ዝወፀ ንብረት 20% ክውስኽ ወ ክቅንስ ከምዝኽእል፤

15 ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ዶክመንቶም ማሕተምን ፊርማን በዓል ዋና እንተዘይሃልዎን ተቀባልነት ኣይህልዎን።

16 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰል ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ስ.ቁ 0344-461034/0344-460109

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle